ማሕለኻ ዘይብሉ ጸባ ድፉእ ! ጭብጢ ዘይብሉ ዘረባ ጥፉእ።

ኤርትራ እትምርሽ ኣብ ጎደና ልምዓት
ንምዉሓስ መግቢ ድሉዉነታ ብትግሃት
ዕቱብ ተበግሰኣ ኣብነት ንኣፍሪቃ
ስነፍልጠታዊ ሕርሻኣ ብፍሉነይነታ ኣዳቒቓ

ርእሰ ምርኮሳ ትኣምን ዘይትደሊ ትካቦ
ራኢኣ ንምዕዋት ተቐናኒታ ሓቦ
ህዝባ ዘራያ ምኻኑ እትፈልጥ ብዓንተቦ
በዳሂት ንኹሉ እትጻወር ንመጻብቦ

ሕጂ ኸ ጉያ ጉያ ንዘይሕጋዊ ንማዕቀብ
ብጸለመን ብጠቐነን ዝተዋህለለ መዝገብ
ንዉጹእ ሕሶት ብተንኮላት ዝፈሓሕሱ
ብሰነ -ኣእምራዊ ጸቕጢ ኣእምሮኦም ዝለመሱ

ተጠንቀቑ !ኣፍኩም ሓዙ ዝበልናኩም ስምዑ
ንዓና ዘቕምናዮ ሕጊ ናትናዩ መልክዑ
ረዲኤት ተቐበሉ ዝሃብናኩም ብልዑ
ስነ-ሓሳብና ተቐበሉ ምሳና ኣጣቕዑ

መሰል ፥ፍትሒ፥ ማዕርነት፥ ኣይትበሉ
ዘይ ኣብ መጽሓፍ ዘሎ ተኻሓሒሉ
ደጊምና ደጋጊምና ንብል ኣሰርና ተኸተሉ
መመሪሒና ጽን ኢልኩም ስምዑ ኣይትዝለሉ

ንሕና ኢና ኸሰስቲ ንሕና ፈረድቲ
መሳሪሕትና ንዘይኮነት ሃገር ንህብ መግረፍቲ
ብፍላይ ብፍላይ ነተኩር ንቶም መራሕቲ
ምምዝማዝ ንዝኣበዩና ባህርያዊ ሃብቲ

ዘልኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንሰማእታትና
ክብርን ሞጎሰን ንምክልኻል ሓይልታት ኤርትራ
ዕንወትን ውድቀትን ንዘይሕጋዊ ማዕቐብ
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ

ብመሓሪ ሃብተ (ቆሓይን)ፍራንክፎርት